ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ኦፍላ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ምምሕዳር ንብረትን ካብ ቤት ፅሕፈት ዘፍር ቁጠባ ወረዳ ኦፍላ ካብ FSRP Food System resilence progm ቀዳማይ ብሪፈርንስ ናምበር ET Tigray FSRP 514856 CWRFQ ካብ ዝተረከበ በጀት ኣብ ኦፍላ ወረዳ ጣብያ ስምረት ፍሉይ ቦታ ገረብ ዓይኖ ማይ መንደር ካልኣይ ብሪፈርንስ ናምበር ET Tigray FSRP 514855 CWRFQ ካብ ዝተረከበ በጀት ኣብ ኦፍላ ወረዳ ጣብያ ጎራ ፍሉይ ቦታ ገረብ ዓግዞባ ሳልሳይ ብሪፈርንስ ናምበር ET Tigray FSRP 514854 CWRFQ ካብ ዝተረከበ በጀት ኣብ ኦፍላ ወረዳ ጣብያ ፋራ ፍሉ ቦታ ገረብ ፍንጣጣ ካብ ተረቀ ቁፅሪ 1 ክሳብ 3 ዝተጠቀሱ ቦታታት ህንፀት ልምዓት መስኖ ኮንስተራክሽን ኦፍ ካናል ኣፕግሪዲንግ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ካብ ዘለዎም ኮንትራክተራት ብፕሮፎርማ ጨረታ ኣጫሪቱ ከስርሕ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ታሕሳስ 1, 2018 (ቅድሚ 11 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 8, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:30000
- ቦታ:ኦፍላ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:500
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 8, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ስራሕቲ ማይ/ ማይ ኻዕቲን ኢንስታሌሽን/

1 ናይ ተጫረቲ ሽም ፊርማ ናይ ትካሎም ማህተም ኣድራሻ ክግበር አለዎ

2 ናይ 2018 ዓም ዝተሐደሰ ንግዲ ፍቃድ ብናይ ማይ ኮንስትራክሽን ስራሕቲ WWC ከቅርብ ዝክእል

3 ናይ 2018 ዓም ብናይ ማይ ኮንስትራክሽን ስራሕቲ ዝተሐደሰ መቅረባይነት ከቅርብ ዝክእል

4 ናይ ማይ ኮንስትራክሽን ስራሕቲ ደረጃ 6 ልዕልኡን ዘለዎ

5 ናይ 2018 ዓም ዝተሐደሰ ብናይ ማይ ኮንስትራክሽን ስራሕ ብቅዓት መረጋገፂ ሰርተፊኬት ከቅርብ ዝክእል

6 ቫት ወይድማ ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝጋቢ ዝኮነ

7 ቲን ናምበር ከቅርብ ዝክእል

8 ናይ ወርሒ ጥቅምቲ ቫት ዲክላሪሽን ከቅርብ ዝክእል

9 ሰዓራይ ተጫራቲ ሰዓት ተረኪቡ ዉዕሊ ካብ ዝአሰረሉ ዕለት ጀሚሩ በቲ ዝወፀ ስፐስፊኬሽን ዲዛይን መሰረት ኣብ ዉሽጢ 120 ተከታታሊ መዓልቲታት ሰሪሑ ከረክብ ዝክእል

10 ካብ 2011 ዓም ክሳብ 2017 ዓም ክልተ ናይ ማይ ስራሕቲ ዝሰርሑ ስራሕ ልምዲ እንተናአሰ ካብ ሕድሕድ ናይ ማይ ስራሕቲ ሐደ ሚለዩንን ሓሙሽተ ሚእትን ሽሕን ብር በጀት ዘለዎ ስራሕቲ ዝሰርሕ ወይድማ ኣብ ሐደ ናይ ማይ ስራሕቲ ካብ ሰለሰተሚለዩን ብርን ካብኡ ንላዕሊን ዝሰርሖ ስራሕ ልምዲ ከቅርብ ዝክእልን ሰረሑ ዘረከበ ምካኑ ፅቡቅ ናይ ስራሕ አፈፃፅማ ዝነበሮ ምካኑ ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ከቅርብ ዝክእል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ናይ ዝሰርሐሉ ናይ ማይ ስራሕቲ ናይ ሕድሕድ መረዳእታ ናይ መወዳእታ ክፍሊት ወይድማ ኢንሊ ፐይመንት ሰርተፊኬት ምስሙሉእ ዉዕሉን ግዘያዊ ወይ ናይ መወዳእታ ፕሮጀክት ርክክብ ሰነድ ዝተገበሉ መረዳእታ አታሓሒዙ ከቅርብ ዝክእል

12 በቲ ዝተቀመጠ ረቆሒ መሰረት ሰዓራይ ዝኮነ ተጫራታይ ካብ ዝሰዓረሉ ጠቅላላ ዋጋ 10 ሚእታዊ 150 መዓልቲ ዝፀንሕ መከበሪ ዉዕሊ ኣትሒዙ ብመምርሖ ዕደጋ ኣቀሑትን ግልጋሎትን መሰረት ዉዕሊ ክኣስር ዝክእል ዉዕሊ እንተዘይኣሲሩ መክበሪ ጨረታ ዘትሓዚ ገንዘብ ናብ መንግስቲ ካዝና ኣታዊ ይግበር

13 ሰዓራይ ዝኮነ ተጫራቲ ብናይ ዓለም ባንኪ መምርሒ ብዝእዝዘ ረቆሒ መሰረት ከባቢያዊን ማሕበራዊን ረቆሒታት ኣማሊኡ ንዘዋፍሮም ሰራሕተኛታት ምሉእ ዉሕስና ወሲዱ ዉዕሊ ኣሱሩ ስራሕ ክሰርሕ ዝክእል

14 ሰዓራይ ዝኮነ ተጫራቲ ዝተማለአ ሰብ ሓይሊ ሳይት ማሃንዲስ ፎርማንና ናይ ቁፃር ዉዕሊ ቅድሚ ዉዕሊ ምእሳሩ ከቅርብ ዝክእል

15 ተጫረቲ መክበሪ ጨረታ ብር 30000 ንሕድሕድ ጣብያታት ጨረታ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ብዝተረጋገፀ መአዘዚ ክፍሊት ቼክ ወይ ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረተ ዉሕስና ባንኪ ወ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሌተር ኦፍ ክሪዲት ብሸም ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ኦፍላ አስሪሑ ከትሕዝ አለዎ

16 እቲ ጨረታ አብ አየር ዝፀንሐሉ ግዜ ካብ 30/3/2018 ዓም ክስብ 8/4/2018 ዓም እንትኮን ሰነድ ጨረታ ካብ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ዘይንለስ ብር 500 ገዚእካ ብምዉሳድ ሳንዱቅ ጨረታ አብ ዝተዳለወ በቲ ዝተጠቀሰ ዕለት ምእታዉ ይከኣል

17 እቲ ጨረታ ዕለት 8/4/2018 ዓም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 430 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክበሉ ይክፈት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከላቶም ብዘይምርካቦም ከይዲ ጨረታ ኣይተኣጎልን

18 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዜ ጨረታ ካብ ዝተከፈተሉ ዕለት ጀሚሩ አብ 15 ተከታታሊ መዓልቲታት ይከዉን

19 ተጫረቲ እቲ ሰነድ ጨረታ ቴክኒካልን ፋይናንሻልን አብ ዝገዝዎ ሰነድ ዋጋ ብምምላእ ሐደ ኦርጅናልን ክልተ ኮፒ ፋይናንሻልን ትክኒካል ሰነድ ነንበይኑ ፈሊካ ኣብ ዝተፈላለየ ፖስታ ብምእሻግ ብዝረአ ቀለም ፋይናንሻልን ቴክኒካልን ኢልካ ብምፅሓፍ ኣብ ልዕሊኡ ናይ ተወዳደርቲ ኣድራሻ ሸምን ፊርማን ከምእዉን ናይ ትካል ማህተም ተገይሩ ብሐደ ዓብይ ፖስታ ሰለስቲኢ ተዓሺጉ ሸምን ፊርማን አድራሻን ናይ ትካል ማህተምን ብምግባር ክቀርብ አለዎ

20 ቤት ፅሕፈትና ዘዉፅኦ ዝተሐተ መዓቀኒ ረቆሒታት ዘማለአ ተጫረታይ ዝተሐተተ ዋጋ ዘማለአ ተጫራታይ ሰዓራይ ይከዉን

21 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ#

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle